Washington State Health Care Authority

Washington State Department of Social & Health Services — Transforming lives

# መሰላትን ሓላፍነትን ሽፋን ክንክን ጥዕና

Health Care Coverage Rights and Responsibilities

## ናይ ኩሎም ክንክን ጥዕና መደባት ሽፋን መሰላትካ (ክንገብሮ ዘለና)

**ናይ ሕቶ ቅጥዕታት ንኽተንብብን ንኽትመልእን ምሕጋዝ፡፡** ሓገዝ ንምርካብ ንክፍሊ ጥዕናን ማሕበራዊ ግልጋሎታት (DSHS) ብ 1-877-501-2233 ክትረክብ ትኽእል፡፡

DSHS ወይ በዓል ስልጣን ክንክን ጥዕና (HCA) ክትረክብ ከለኻ ብዘይ ምዝንጋዕ ወይ ብዘይ ገለ ወጻኢ **ናይ ሙተርጎሚ ግልጋሎት የቕርብ፡፡**

**ዉልቃዊ መረዳእታታትካ ብምሽጥር ይሕዝ** ኮይኑ ግና ንብቑዕነትን ምዝገባን ዝተወሰኑ መረዳእታታት ንካልኦት ፋይናንሳውን ትካላትን ናይ HCA ኮንትራክተራት ክልላዉን ፌደራላዉን ኤጀንስታት ክነካፍል ንኽእል፡፡

**ኣብ ናይ ሽፋን ክንክን ጥዕና፣ ናይ ነዊሕ እዋን ግልጋሎታትን ሓገዛትን (LTSS) ወይ ናይ ጥዕና ትልሚ ብቑዕነትካ ጽልዋ ዘሕድር ብDSHS ወይ HCA ዝተገበረ ዉሳነ እንተድኣ ትቃዎም ኮይንካ ይግባይ ናይ ምሕታት ዕድል ይወሃበካ፡፡** ይግባይ እንተሓቲትካ ጉዳይካ ክግምገም እዩ፡፡ ኣብ መደባት DSHS ይግባኣኒ ብዛዕባ ምሕታት ሓበሬታ ንምርካብ፣ ናይ DSHS ማእኸል ግልጋሎት ዓማዊል ብ 1-877-501-2233 ኣቢልካ ወይ ናይ ከባብያዊ ግልጋሎታት ማሕበረሰብ ቤት ጽሕፈት ክትረክብ ትኽእል፡፡

እቲ ይግባኣኒ ብገምጋም ጉዳይ ዘይፍታሕ ናይ ዋሺንግተን ሽፋን ጥዕና ይግባኣኒ ዉሳነ እንተድኣ ኮይኑ ንናይ ምምሕዳራዊ ፍርዲ ፕሮግራም ክግበረልካ እዩ፡፡

**ብቐንዕና ነተኣናግድ፡፡ ኣድልዎ ኣንጻር ሕጊ እዩ፡፡** DSHSን HCA ብናይ ፌደራል ሰብኣዊ መሰላት ሕጊ ይግዝእን፤ ዘርኢ፣ ቀለም፣ መበቆል ብሄር፣ ዕድመ፣ ስንክልና ወይ ጾታ መሰረት ገይሩ ኣድልዎ ኣይፍጽምን፡፡ DSHSን HCA ሰባት ብምኽንያት ዘለዎም ዘርኢ፣ ቀለም፣ መበቆል ብሄር፣ ዕድመ፣ ስንክልና ወይ ጾታ ኣየግልሎምን ወይ ብፍሉይ ኣየተኣናግድን፡፡

ብተወሳኺ DSHSን HCA ብናይ ፌደራል ሕጊ ይግዛእን ብመሰረት እምነት፣ ጾታ፣ ጾታዊ መንነት፣ ጾታዊ ድልየት፣ ኩነታት ሓዳር፣ ሃይማኖት፣ ብኽብሪ ዝተሰናበተ ምኩር ወይ ወተሃደራዊ ኩነታት፣ ወይ ስንክልና ዘለዎ ሰብ ብዝጥቀሞ ዝሰልጠነ ከልቢ ወይ ናይ ግልጋሎት ከልቢ ኣድልዎ ኣፍጽምን፡፡

DSHSን HCA፡

- ስንክልና ንዘለዎም ሰባት ምሳና ብዝግባእ ንኽራኸቡ ናጻ ሓገዝን ግልጋሎትን የቕርብ፡፡
  - ብቑዓት ዝኾኑ ናይ ምልክት ቋንቋ ተርጎምቲ
  - ብካልኦት ፎርምታት ናይ ጽሑፍ መረዳእታ (ብዓብዩ ዝተሓተመ፣ ክርከቡ ዝኽእሉ ኤሌትሮኒክ ፎርምታት፣ ካልኦት ፎርምታት)
- እንግሊዝኛ ናይ መጀመርያ ቋንቋኦም ንዘይኮነ ሰባት ከምዞም ዝስዕቡ ዓይነታት ናጻ ግልጋሎት ቋንቋ፡
  - ብቑዓት ተርጎምቲ
  - ብካልኦት ቋንቋታት ዝተጽሓፈ መረዳእታ

እዞም ግልጋሎታት እንተድኣ ደሊኻ ብ 1-877-501-2233 ርኸበና፡፡

DSHSን HCA እዞም ግልጋሎታት ኣብ ምቅራብ ኣይከኣለን ወይ ኣድልዎ ተፈጺሙ ኢልካ እንተድኣ ሓሲብካ ጥርዓንካ ብዚ ዝስዕብ ክተቕርብ ትኽእል፡

- **DSHS**
  ATTN: Constituent Services
  PO Box 45131
  Olympia, WA 98504-5131
  1-800-737-0617
  ፋክስ፡- 1-888-338-7410
  **askdshs@dshs.wa.gov**
- **HCA Division of Legal Services**
  ATTN: Compliance Officer
  PO Box 42704
  Olympia, WA 98504-2704
  1-855-682-0787
  ፋክስ፡- 1-360-586-9551
  **compliance@hca.wa.gov**

ቅርታኻ ብኣካል መጺእኻ ወይ ብስልኪ፣ ብፖስታ፣ ብፋክስ ወይ ኢሜል ክተእቱ ትኽእል፡፡ ቅርታ ኣብ ምእታዉ ሓገዝ እንተድኣ ደሊኻ ናይ DSHS ምድማጽ ግልጋሎት ወይ ናይ HCA ክፍሊ ግልጋሎታት ሕጊ ክሕግዙኻ ቅሩባት እዮም፡፡

ብተዋሰኺ ድማ ኣብ ናይ ኣሜሪካ ክፍሊ ጥዕናን ሰብኣዊ ግልጋሎታት፣ ቤት ጽሕፈት ሰብኣዊ መሰላት ብ**https://ocrportal.hhs.gov/ocr/portal/lobby.jsf** ኣቢልካ ወይ ብስልኪ ወይ ብፖስታ

**U.S. Department of Health and Human Services**
200 Independence Avenue SW
Room 509F, HHH Building
Washington, D.C. 20201

1-800-368-1019, 800-537-7697 (TDD)

ናይ ጥርዓን ቅጥዕታት ኣብዚ ዝስዕብ ይርከብ
**www.hhs.gov/ocr/office/file/index.html.**

# ንኩሎም መደባት ሽፋን ክንክን ጥዕና ዘለካ ሓላፍነትካ (ክትገብሮ ዘለካ)

**SSNን ናይ ኢሚግሬሽን ኩነታት ምግላጽ፡፡** ብዘይ ገለ ገለ ፍሉይ ኩነታት፤ ንናይ ክንክን ጥዕና ሽፋን ምምልካት ዝደሊ ናይ ዝኾነ ኣብ ገዛኻ ዝነብር ሰብ ወይ ናይ ባዕልካ ናይ ማሕበራዊ ድሕንነት ቁጽሪ (SSN) ወይ ናይ ኢሚግሬሽን መረዳእታ ቁጽሪ ክተቕርብ ኣለካ፡፡ ንጥዕና ኢንሹራንስ ፕሪምየም ናይ ግብሪ ክሬዲታት ንምምልካት SSN የድሊ እዩ፡፡ እዚ መረዳእታ መንነትካ፣ ዜግነትካ፣ ናይ ኢሚግሬሽን ኩነታትካ፣ ዕለት ልደትን ናይ ካልኦት ክንክን ጥዕና ሽፋናት ምህላዉ ብምርግጋጽ ብቑዑነትካ ንምፍላይ ንጥቀመሉ፡፡
እዚ መረዳእታ ምስ ዝኾነ ናይ ኢሚግሬሽን ኤጀንሲ ኣየነካፍልን፡
፡

ብዘይ ካልኦት ሰባት ንዝተወሰኑ ኣባላት ገዛኻ ንሽፋን ክተመልክት ትኽእል ኢኻ፡፡ ናይ ኩሎም ኣባላት ገዛኻ SSN ወይ ናይ ኢሜግሬሽን ዶክሜንት ቁጽሪ እንተዘይሃልዩካ፤ ካልኦት ከመልከቱን ሽፋን ክረኽቡ ይኽእሉ፡፡ ንኣብነት፣ ዋላኳ ንስኻ ንቲ ሽፋን ብቑዕ እንተዘይኮይንካ ንደቅኻ ክተመልክት ትኽእል፡፡ ምምልካትካ ኣብ ናይ ኢሚግሬሽን ኩነታትካ ወይ ድማ ቀዋሚ ነባሪ ወይ ዜጋ ናይ ምኾንካ ዕድል ጽልዋ ኣየሕድርን፡፡

ብተወሳኺ ኣብዚ ሃገር ብሕጋዊ ኩነታት ከምዝኣተዩ ምርኣይ ዘይክእሉ ሰባት ሓደሓደ ናይ ዋሺንግተን ናይ ጥዕና ይግበኣኒ ሽፋናት ኣለዉ፡፡ ኮይኑ ግና ኣብ ገዛኻ ናይ ዘሎ ሰብ SSN ወይ ኢሚግሬሽን ዶክመንት ቁጽሪ ክተቕርብ እንተዘይደሊኻ፤ ብዛዕባ ናይቶም ዘየመልከቱ ሰባት ናይ እቶት መረዳእታ ንምርካብ ክንሓተካ ኢና፡፡
**ብቲ ኤጀንሲ እንተድኣ ተሓቲቱ፣** ብቑዕነትካ ንምዉሳን ዝኾነ መረዳእታ ወይ መረጋገፂ ኣቕርብ፡፡

# ንኩሎም መደባት ሽፋን ክንክን ጥዕና ክትፈልጦ ዘለካ ነገራት

ናይ ዋሺንግተን ምርኻብ ኦፕሬሽንን ስቴት ዘመሓድሮ ናይ መመልከቲ ስርዓት፣ ከም ሓደ ተጠቃሚ ዘለካ መሰላትን ሓላፍነትን እዚኦም ብምጥቃምካ እትረኽቦ ሽፋን ዘመሓድሩ **ናይ ፌደራልን ክልላዉን ሕግታት ኣለዉ እዮም፡፡** እዞም ስርዓታት ብምጥቃምካ፤ ከም ተጠቃማይነትካን ሽፋን ብምርካብካን እዞም ሕግታት ክተኽብር ትስማዕማዕ ኣለኻ፡፡

ኩለን ግዝኣታት ብቤት ጽሕፈት ሓገዝ ህዝብታት ኣቢለን ኣብ ናይ ድምጺ ምሃብ ምዝገባ ሓገዝ ንኽህባ **ናይ 1973 ብሔራዊ ሕጊ ምዝገባ ድምፂ ምሃብ** ይሓትት። ንምምዝጋብ ምምልካት ወይ ዘይምምልካት ካብዚ ኤጀንሲ እትረኽቦ ጥቕሚ ወይ ግልጋሎት ጽልዋ ኣየሕድርን፡፡ ድምጺ ንምሃብ ኣብ **www.vote.wa.gov** ክትምዝገብ ትኽእል ወይ ድማ ብ1-800-448-4881 ብምድዋል ናይ ድምጺ ወሃብቲ ምዝገባ ቅጥዒ ክትእዝዝ ትኽእል፡፡

**ናይ ጥዕና ኢንሹራንስ ተሰካማይነትን ተሓታትነትን ሕጊ** (HIPAA) ገደባት፤ HCA ንDSHS ናይ ባዕልካን ናይ ኣባላት ገዛኻን መረዳእታ ጥዕና፤ እቲ ዉልቀሰብ ጠበቃ ተዘይኮይኑ ወይ ድማ እዚ መረዳእታ ንኽካፍሉ ዝፈቅድ ዝተፈረመ ቅጥዒ እንተዘይሃልዩካ ዝተፈቐደሉ ተወካሊ ሓዊስካ ምስ ዝኾነ ሰብ ከየካፍሉ ይግድቦም፡፡ እዚ ናይ ጥዕና ኣእምሮ ኩነታት፣ HIV፣ AIDS፣ STD ምርመራ ዉጽኢታት፣ ወይ ክንክንን ኬሚካል ጽግዕተኝነት ግልጋሎታት የካትት፡፡

**ዝከኣል ናይ ክንክን ሕጊ** HCA ንDSHS ናይ ባዕልኻን ናይ ኣባላት ገዛኻን ዉልቃዊ መለለይ መረዳእታ (PII) ብዘይፍቃድካ ንዝይተፈቐደሉ ሰብ ንኸየማሓላልፍ ይግድቦም፡፡

ንናይ ጥዕና ክንክን ሽፋን ብቑዕነትካ ንምፍላይ **ን HCA ንDSHS እትህቦ መረዳእታ** ብፌደራልን ክልልን ቤት ጽሕፈት ክረጋገጽ እዩ፡፡ እቲ ምርግጋጽ ካብቲ ኤጀንስታት ክትትል ክሓዉስ ይኽእል፡፡

**HCA ንDSHS ናይ ጥዕና ክንክን ትልምኻ ናይ ምምሕዳር ሓላፍነት የብሎምን፡፡** ናይ ጥዕና ኢንሹራንስ ኣቕራቢኻ ብዛዕባ ጥቕምታትካ ተወሳኺ ሓበሬታ ክህበካ እዩ፡፡ **ንኣየንኣም ጥቕምታት ብቑዕ ከምዝኾንካ፣ ናይ ጥቕሚ ሕቶ ወይ ናይ ጥቕሚ ምኽላእ ይግበኣኒ ሕቶ ሓዊሱ ብዛዕባ ናይ ጥዕና ኢንሹራንስ ትልሚ ዉዕሊ ዝኾነ ሕቶ እንተድኣ ሃልዩካ ንጥዕና ኢንሹራንስ ኣቕራቢኻ ርኸብ፡፡**

**ብናይ ህጻናት ሓገዝ ክፍሊ (DCS) ኣቢልካ ንሓገዝ መተግበሪ ግልጋሎት ክተመልክት ትኽእል ኢኻ፡፤**
ናይዞም ግልጋሎታት መመልከቲ ንምርካብ ናብ **www.childsupportonline.wa.gov** ክድ ወይ ከባብያዊ ቤት ጽሕፈት DCS ርኸብ፡፡

# ንዋሺንግተን ኣፒል ጥዕና ጥራሕ ዘለዉኻ መሰላት (ክንገብሮ ዘለና)

እንተሓቲተካ
**መሰላትካን ሓላፍነትካን ክንገልጸልካ፡፡**

እንተነኣሰ ስምካ፣ ኣድራሻኻን ፊርማኻ ወይ ድማ ናይቲ ኣመልካቲ ሕጋዊ ወኪል ክታም ዘካተተ **ክፉላዊ መመልከቲ ንኽተእቱ ይፈቅድ፡፡** ክፉላዊ መመልከቲ እትቕበለሉ መዓልቲ ናይ መመልከቲኻ ዕለት እዩ፣ እዚ ድማ እቲ ሽፋንካ ክጅመር እንከሎ ጽልዋ ከሕድር ይኽእል፡፡ እቲ ማመልከቻ ክሳብ ትዉድእ ብዛዕባ ሽፋንካ ናይ መወዳእታ ዉሳነ ኣይነሕልፍን፡፡

ኣብ ትሕቲ WAC 182-503-0005 ከም ዝተዘርዘሩ ሜላታት ብምጥቃም **መመልከቲ ወይ ክፋል መመልከቲ ንኽተእቱ ንፈቅድ፡፡**

ካብቲ ኣብ ትሕቲ WAC 182-503-0060 ዝተገለጸ ሰዓት እንተይሓለፈ **መመልከቲኻ ብስሩዕ ፕሮሰስ ክንገብሮ ኢና፡፡**

**ብቑዕነትካ ንምዉሳን መረዳእታ ንኽተቕርበልና 10 መዓልትታት ክንህበካ ኢና፡፡** ተወሳኺ ሰዓት እንተሓቲትካ ተወሳኺ ሰዓት ክንህበካ ኢና፡፡ መረዳእታ እንተዘይሂብካና ወይ ንተወሳኺ ግዘ እንተሓቲትካ ናይ ጥዕና ክንክን ሽፋንካ ክንቃዎሞ፣ ክንዓጽዎ፣ ወይ ክንቅይሮ ንኽእል፡፡

**ዝኾነ መረዳእታ** ንምርካብ እንተተጸጊምካ ወይ ብቑዕ ከም ዝኾንካ ንምዉሳን መረጋገጺ እንተደሊና ክንሕግዘካ ኢና፡፡ ገንዘብ ክተዉጽእ ዝገብረካ ዶክሜንት እንተድኣ ሓቲትናካ ንቲ ወጻኢ ንኽንከፍል ክንልእኸልካ ኢና፡፡

**መብዛሕትኡ እዋን** ናይ ጥዕና ክንክን ሽፋንካ ቅድሚ ምቑራጽና **እንተነኣሰ** ቅድሚ **10 መዓልትታት ክነፍልጠካ ኢና፡፡**

ኣብ መብዛሕትኡ ጉዳይ ኣብ ዉሽጢ 45 መዓልትታት **ናይ ጽሑፍ ዉሳነ ክንህበካ ኢና፡፡** ንሓደሓደ ናይ ስንክልና ናይ ጥዕና ክንክን ሽፋን ጉዳያት ክሳብ 60 መዓልትታት ክወስድ ይኽእል፡፡ ናይ ጥንሲ ሕክምና ዉጽኢት ኣብ ዉሽጢ 15 መዓልትታት ብጽሑፍ ንህብ፡፡

**ጉዳይካ ኦዲት እንተድኣ ጌርናዮ ንኣጻረይቲ ንኽየተዛርብ ንፈቅድ፡፡** እቶም ኣጻረይቲ ናብ ገዛኻ ክተእትዎም ድዼታ ኣይኮነን፡፡ እቲ ኣጻራይ ካልእ ግዘ ንኽመጽእ ክትሓትት ትኽእል፡፡ ከምዚ ዓይነት ሕቶ ኣብ ናይ ጥዕና ክንክን ሽፋን ብቑዑነትካ ጽልዋ ኣየሕድርን፡፡

ብሕድሕድ WAC 182-504-0125 መሰረት ንካልእ ፕሮግራም ብቑዕ **ምኻንካ ክሳብ ንዉስን ናይ ዋሺንግተን ኣፒል ሽፋን ጥዕና ይቕጽል፡፡** ብቑዕ እንተድኣ ኮይንካ ከምቲ ኣብ WAC 182-503-0120 ዝተገለጸ **ማዕረ ናይ ግልጋሎት ቀረብ ይዋሃበካ፡፡**

## ንዋሺንግተን ኣፒል ጥዕና ጥራሕ ዘለካ ሓላፍነት (ክትገብሮ ዘለካ)

**ከምቲ ዝድለ እቶም ለዉጥታት** ኣብ ዝተፈጠሩሉ 30 መዓልትታት ዉሽጢ ኣብ WAC 182-504-0105 ን WAC 182-504-0110 **ሪፖርት** ግበር፡፡ እንታይ ዓይነት ለዉጥታት ሪፖርት ክትገብር ከም ዘለካ ንምርኣይ ናይ ተቀባልነት ደብዳበኻ ኣንብብ፡፡
**ክትሕተት እንከለኻ እቶም** መሐደስታት ወድእ፡፡
ንግልጋሎት ክንክን ጥዕና ንክንኽፍል **ንኣቕረብቲ ሕከምና መረዳእታ ሃብ፡፡**
ብቑዕ እንተኾይን **Medicare ኣመልክት፡፡**
**ክትሕተት እንከለኻ ምስ መረጋገጺ ጽርየት ተሓባበር፡፡**
ናይ ዋሺንግተን ኣፒል ጥዕና ሽፋን ክትሓትት ወይ ክትቅበል ከለኻ ካብ ካልኦት ምንጭታት እቶት ንምርካብ **ክተመልክትን ጻዕሪ ክትገብር** ኣለካ፡፡

## ንዋሺንግተን ኣፒል ጥዕና ጥራሕ ዘለዉ ክትፈልጦ ዘለካ ነገራት

**ናይ ዋሺንግተን ኣፐል ጥዕና ሕቶ ብምሕታትካን ብምቕባልካን፤**

ንዋሽንግተን ስቴት ዝኾነ ናይ ሕክምና ሓገዝን ዝኾነ ናይ ክንክን ጥዕና ሳልሳይ ወገን ክፍሊታት ኩሉ መሰል ሂብካ ማለት እዩ፡፡

**እቲ ኤጀንሲ** ናይ ዉላድካ ኢሚዩናይዜሽን ታሪኽ ምስ ናይ ህጻናት ፕሮፋይል ኢሚዩናይዜሽን መከታተሊ ስርዓት **ክካፍል ይኽእል፡፡**

**እቲ ሪፖርት እትገብሮ መረዳእታ** ከም ናይ ጥዕና ክንክን ሽፋን፣ ናይ ገንዘብ ሓገዝ፣ ናይ መግቢ ሓገዝን ናይ ህጻናት ክንክን ድጎማ ኣብ ዝኣመሰሉ ፕሮግራማት ንወርሓዊ ጥቕማጥቕሚ ብቑዕነትካ ንምፍላይ ንDSHS ክቐርብ ይኽእል እዩ፡፡

**ብመሰረት ሕጊ፣ ናይ ዋሺንግተን ስቴት ንዝተወሰኑ ዓይነታት ግልጋሎት ሕክምና ዝኸፍሎም ወጻእታት ብናይ ጥሪት ምምላስ ኣቢሉ (RCW 41.05A.090፣ RCW 43.20B.080፣ ምዕራፍ 182-527 WAC) ካብ ጥሪትካ ወጻእታቱ ክምልስ ይኽእል እዩ፡፡** ናይ ጥሪት ምምላስ ዝፍጠር ድሕሪ ሞትካ፣ እቲ ብሂወት ዝተረፈ መጻምዲ እንትመዉትን እቲ ብሂወት ዝተረፈ ዉላድካ ዕድምኡ 21 ወይ ልዕሊኡ እንትኸዉን እዩ፡፡ ብተወሳኺ ክትሞት ከለኻ እቲ ዝተረፈ ቆልዓ ዓይነ ስዉር/ስንኩል እንተድኣ ኮይኑ እዚ ኣይፍጠርን፡፡ ዝምለሱ ወጻእታት ዘካትትዎ፡

- እቲ ግልጋሎት ኣብ ትቕበለሉ ግዘ ዕድመኻ 55 ወይ ልዕሊኡ እንተድኣ ኮይኑ፤ ዝተወሰኑ ናይ ዋሽንግተን ጥዕና ይግበኣኒ ናይ ነዊሕ እዋን ግልጋሎትን ሓገዝን፡
- እቲ ግልጋሎት ኣብ እትቕበለሉ እዋን ዝነበረካ ዕድመ ብዘገድስ፣ ስቴት ጥራሕ ፈንድ ዝገብሮም ግልጋሎታት፡፡

ኣብ ዝምለሱ ወጻእታት ዝተመስረቱ ግልጋሎታት ዝረዝር ኣብ ትሕቲ WAC 182-527-2742 ትረክብ፡፡ ኣብ ትሕቲ WAC 182-527-2746 ካብ ዝምለሱ ወጻእታት ዝርዝር ዘይካተቱ ንብረታት ዝርዝር ክትረክብ ትኽእል፡፡

ኣብ ዝኾነ ዕድመኻ ኣብ ቀዋሚ ክንክን እንተድኣ ዓቑብካ (WAC 182-527-2734)፤ ስቴት ኣብ ንብረትካ ናይ ቅድሚ ሞት ትሕጃ ከመልክት ይኽእል፡፡ እዚ ዝስዕብ እንተዘይኮይኑ፣ ስቴት ካብ እትሸጦ ገዛ ወይ ጥሪት ከምልስ ይኽእል እዩ፤

- መጻምድኻ ኣብቲ ገዛ ትነብር እንተድኣ ኮይና፡
- ሓዉካ ወይ ሓፍትኻ ኣብቲ ገዛ ይነበር/ትነብር እንድኣ ኮይና፣ ናይ ሓባር ወናኒ/ወናኒትን ዝተወሰኑ ኩነታት ተማልአ/ዘማልአ እንተድኣ ኮይኑ፡፡
- ዉላድካ ኣብቲ ገዛ እንተድኣ ዝነብር ኮይኑን ዓይነ ስዉር/ስንኩል እንተኾይኑ፡ ወይ
- ዉላድካ ኣብቲ ገዛ ዝነበርን ዕድምኡ ትሕቲ 21 እንተድኣ ኮይኑ፡፡

ኣብ ትሕቲ ቅድመ ሞት መትሕዚ WAC 182-527-2734 ዘሎ ናይ ካሕሳ ክፍሊት ወፃእታት ግልጋሎት ዝርዝር ክትረክብ ትኽእል፡፡

ካብቲ ኣቕራቢኻ ዘየድሊ ናይ ክንክን ጥዕና ግልጋሎት እንተድኣ ደሊኻ **ኣብ ሓደ ኣቕራቢ ክንክን ጥዕና** ፣ ቤት መድሓኒት ወይ ሆስፒታል **ክትድረት ትኽእል፡፡**

Washington State Health Care Authority

[English] Language assistance services, including interpreters and translation of printed materials, are available free of charge. Call 1-877-501-2233 (TRS: 711).

[Amharic] የቋንቋ እገዛ አገልግሎት፣ አስተርጓሚ እና የሰነዶችን ትርጉም ጨምሮ በነጻ ይገኛል:: 1-877-501-2233 (TRS: 711) ይደውሉ::

[Arabic] خدمات المساعدة في اللغات، بما في ذلك المترجمين الفوريين وترجمة المواد المطبوعة، متوفرة مجاناً، اتصل على رقم 1-877-501-2233 (TRS: 711).

[Burmese] ဘာသာပြန်ဆိုသူများနှင့် ထုတ်ပြန်ထားသည့် စာရွက်စာတမ်းများဘာသာပြန်ခြင်းအပါအဝင် ဘာသာစကားအထောက်အကူဝန်ဆောင်မှုများကို အခမဲ့ရနိုင်ပါသည်။ 1-877-501-2233 (TRS: 711) ကိုဖုန်းခေါ်ဆိုပါ။

[Cambodian] សេវាជំនួយភាសា រួមមានទាំងអ្នកបកប្រែផ្ទាល់មាត់ និង ការបកប្រែឯកសារបោះពុម្ព គឺអាចរកបានដោយឥតគិតថ្លៃ។ ហៅទូរស័ព្ទទៅលេខ 1-877-501-2233 (TRS: 711)។

[Chinese] 免费提供语言协助服务，包括口译员和印制资料翻译。请致电 1-877-501-2233 (TRS: 711)。

[Korean] 통역 서비스와 인쇄 자료 번역을 포함한 언어 지원 서비스를 무료로 이용하실 수 있습니다. 1-877-501-2233 (TRS: 711)번으로 전화하십시오.

[Laotian] ການບໍລິການດ້ານພາສາ, ລວມທັງນາຍແປພາສາ ແລະ ການແປເອກສານທີ່ພິມ, ມີໄວ້ໃຫ້ຟຣີໂດຍບໍ່ຄິດຄ່າ. ໂທຫາເລກ 1-877-501-2233 (TRS: 711).

[Oromo] Tajajilli gargaarsa afaanii, nama afaan hiikuu fi ragaalee maxxanfaman hiikuun, kaffaltii malee ni argattu. 1-877-501-2233 (TRS: 711) irratti bilbilaa.

[Persian] خدمات کمک زبانی، از جمله مترجم شفاهی و ترجمه اسناد و مدارک (مطالب) چاپی، بصورت رایگان ارائه خواهد شد.با شماره 1-877-501-2233 (TRS: 711) تماس بگیرید.

[Punjabi] ਭਾਸ਼ਾ ਸਹਾਇਤਾ ਸੇਵਾਵਾਂ—ਦੁਭਾਸ਼ੀਏ ਅਤੇ ਪ੍ਰਿੰਟ ਕੀਤੀ ਹੋਈ ਸਮੱਗਰੀ ਦੇ ਅੰਨੁਵਾਦ ਸਮੇਤ—ਮੁਫ਼ਤ ਉਪਲੱਬਧ ਹਨ। 1-877-501-2233 (TRS: 711) 'ਤੇ ਕਾਲ ਕਰੋ।

[Romanian] Serviciile de asistență lingvistică, inclusiv cele de interpretariat și de traducere a materialelor imprimate, sunt disponibile gratuit. Apelați 1-877-501-2233 (TRS: 711).

[Russian] Языковая поддержка, в том числе услуги переводчиков и перевод печатных материалов, доступна бесплатно. Позвоните по номеру 1-877-501-2233 (TRS: 711).

[Somali] Adeego caawimaad luuqada ah, ay ku jirto turjubaano afka ah iyo turjumid lagu sameeyo waraaqaha la daabaco, ayaa lagu helayaa lacag la'aan. Wac 1-877-501-2233 (TRS: 711).

[Spanish] Hay servicios de asistencia con idiomas, incluyendo intérpretes y traducción de materiales impresos, disponibles sin costo. Llame al 1-877-501-2233 (TRS: 711).

[Swahili] Huduma za msaada wa lugha, ikiwa ni pamoja na wakalimani na tafsiri ya nyaraka zilizochapishwa, zinapatikana bure bila ya malipo. Piga 1-877-501-2233 (TRS: 711).

[Tagalog] Mga serbisyong tulong sa wika, kabilang ang mga tagapagsalin at pagsasalin ng nakalimbag na mga kagamitan, ay magagamit ng walang bayad. Tumawag sa 1-877-501-2233 (TRS: 711).

[Tigrigna] ተርጎምትን ናይ ዝተፅሓፉ ማተርያላት ትርጉምን ሓዊሱ ናይ ቋንቋ ሓገዝ ግልጋሎት፣ ብዘይ ምንም ክፍሊት ይርከብ:: ብ 1-877-501-2233 (TRS: 711) ደውሉ::

[Ukrainian] Мовна підтримка, у тому числі послуги перекладачів та переклад друкованих матеріалів, доступна безкоштовно. Зателефонуйте за номером 1-877-501-2233 (TRS: 711).

[Vietnamese] Các dịch vụ trợ giúp ngôn ngữ, bao gồm thông dịch viên và bản dịch tài liệu in, hiện có miễn phí. Gọi 1-877-501-2233 (TRS: 711).